

# ርሑስ ሓዲሽ ዓመት

እንቛዕ ካብ 2011 ናብ 2012 ዓምተምህረት ኣሰጋገረና። ዓመት ዓመጽቲ ዝጠፍኡሉ፣ ዓመት ዓወት እንሓፍሰሉ፣ ዓመት ቅዋም ዝትግበረሉ፣ ዓመት ፍትሒ ዝነግሰሉ ይግበረልና።

ዓመት ይሓልፍ ዓመት ይትካእ ብመንጽሩ ነቲ ዝሓለፈ ገምጊምና ናይ መጻኢ መደባትና ንሰርዕ። ንመደባትና ኣብ ግብሪ ምውዓሎም ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ ንከታተሎም፣ ምኽንያቱ ግዜ ብሉጽን ልዕሊ ኹሉን ስለዝኾነ። ሃገርና ኤርትራ ድሕሪ ናይ ሳላሳ ዓመታት መሪር ኩናትን ልዑል መስዋእትን ስንክልናን ምምዝንባልን ኣብ 1991 ሓራ ኮይና። ድሕሪ ሓርነት ቅዋም ሃገር ተተግቢሩ ዓንዲ ሕጊ ዘለዋ ሃገር ኮይና ኩሉ ወዲ ሃገር ብማዕረ መሰሉ ተሓልዩሉ ኣብ ኣፍሪቃ ጥራሕ ዘይኮነ ብዓለም ደረጃ ኣድናቆት ዘትረፈት ሃገር ክትከውን ተመኒና ጥራሕ ዘይኮነ ክውን ክኸወን'ውን ዓቢ ጻዕሪ ኣካይድና ቅዋም ሃገር ምጽዳቑ ንባዕሉ ህያው ምስክር'ዩ። ህዝቢ ተሰማሚዑ ዘጽደቆ ቅዋም ድማ ንምትግባሩ ህዝቢዩ ክሓትት ዘለዎ። ንዑዑ ብዘይ ምትግባሩ ኣካል ናይቲ ህዝቢ ስለዝኾንና ብፍላይ ነዚ ህዝባዊ ሕቶ መሰልና ስለዝኾነ ንግብራውነቱ ዝለዓለ ቃልሲ ኣብ ምክያድ ንርከብ ኣሎና። ኩሉ ጸገማትና ቅዋምና ብምትግባሩ ክፍታሕ ምኻኑ ኣሚንና ካብ ድሑሩን ፈላላይን ስሚዒታውን ዝንባሌታት ተቆጢብና ኢድን ጓንትን ኮይንና ክንቃለስ ይግባእ ንብል። ብስራሕናን ብግብርናን እምበር ብቓልና ኣይኮናን ንምዘን።

ሕጊ ቅዋም ናይ ሓንቲ ሃገር መባእታዊ መበገሲ እምበር ተቐናጁን ጸቢቑን ኣይኮነን ዝጅምር፣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳማዕበለን እንዳተመሓየሸን ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ዕግበት ክህበና ይኽእል። ንኣብነት እታ ኣብ ዓለም ዝዓበየትን ዝማዕበለትን እንዳተባህለት ትጽዋዕ ኣመሪካ ኣብ መበል 18 ክፈለ ዘመን ዝጀመረ ቅዋማ ክሳብ ሕጂ እንዳተመሓየሸ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብ ዓለም ብዘይ ዓንዲ ሕጊ ትኸይድ ዘላ ሃገር ኤርትራ ጥራሕ'ያ። ድሕሪ ኣዚ ኹሉ መስዋእትን መውጋእትን ንውሓት ዓመታትን ምረትን፣ ሰብኣዊ መሰል ወዲ ሰብ ዝተሓረማ ሃገር፣ ወዲ ሃገር ንነጻነት ክቡር መስዋእቲ ከምዘይከፈለ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ነጻ ናይ ሓሳብ ምግላጽ፣ መንእሰይ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይ ምንቅስቓስ፣ ናጻ ፕረስ፣ ብዘይ ክስን ፍርድን ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ይበልይ ብሕሱም ምቕጥቃጥን ሰኣን ግቡእ ሕክምናን ክብርቲ ሂወቱ ብኸንቱ ክትሓልፍን፣ ደቂ ኣንስትዮ ንመሰለን ማዕረ ወዲ ተባዕታይ ከምዘይተቓለሳ ከም ኢራብ ክህደናን ከም ከደምቶምን መሕለፊ ግዚኦምን ጌሮም ክጻወቱለን ክትርእይን ክተሰምዕን እንከሎኻ ተመሊስካ ንምንታይ ድኣሉ እቲ ኩሉ ዝሓለፈ ቓልሲ ንመሰልና ወይሲ ንግህሰትና? ነቶም ኣብ ግዜ ቓልሲ፣ ቃልስና ጉሉጽን ሕጋውን ንግበሮ ዝበሉ ወግሔ ጸብሔ ኣስማት እንዳጠመቐካ ንገለ ኣብ ፎርኖ ክጥበሱ፣ ነቶም ገለ ድማ ኣብ ጉዕዞ ስለዝደኸሙ ከም በጊዕ ዝተሓርዱን ብቓጻ ዝተቐንጸሉስ ብነጻነት ተኻሒሶም ኢልና ክንሓልፎ ፈቲንና ኔርና። ብዓል ኣመልሲ ኣመሉ ነይገድፍ ኮይኑ ድሕሪ ነጻነት ንርእዮ ዘሎና ካብቲ ዝነበረ ዝገደደዩ። ስርዓት ህግደፍ ካብ ዞባ ደቡብ ብዘይ ድልየቶም ብዘይ እኹል መጽናዕትን ኣህዛብ ካብ መሬቶም ኣመዛቢሉ ናብ ኣደዳ ሽግር የቃልዖ ኣሎ፣ ሕሉፍ ሓሊፉ ንደቂ ሰሜናዊ ባሕሪ ካብ መሬቶም ሶጊጉ ንህዝቢ እንዳከላበተ ነቲ ዝሕረስ ፍርያም መሬት ንግላዊ ጠቕሙ የውዕሎ ከምዘሎ ንርእዮ ዘሎናን ዘስደመመናን ጉዳይ ኢዩ። ስለዚ ተሪፉና ዘሎ ሓቢርካ ድምጽኻ ምስማዕዩ "ንሱ ድማ ከምቲ ንነጻነት ሕጂውን ንሓርናት" ኢልና ነቶም ዓንቀፍቲ ኣሊና ኣብ ዝሓጸረ እዋን ቅዋምና ኣብ ግብሪ ኣውዒልና ንህንጸት ሃገር ክንብገስ ጥራይ ኢዩ።

ሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሲ ኣካይድካ ቅዋም ተግቢርና ስልጣን ንህዝቢ ክርከብ ኣለዎ ክንብል እንከለና፣ ንሕሰሙ ክፈትሕ ህዝቢ ተላዒሉ ቖጺሙ ከምናይ ቦሊቭያን፣ ሮማንያን ንቻውቸስኮ ንምዳቕ ዝተጠቕሙሉ  ሕጂ ድማ ከምዚ ኣብ ጎረባብትና ናይ ጎረባብትና መንእሰያት ሃገራት ዓረብ ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልሲ፣ ኣብነት ንኽክተል ካብ ብዝሒ መስዋእቲ ንምድሓን እምበር፣ ንመራሕቲ ህግደፍ ናብ ጣውላ ኣምጺእካ ምስኡ ብዛዕባ ቅዋም ዝትግበረሉ ኣገባብ ምዝታይ ከዘይምኻኑን ክንርዳእ ይግባእ። ህግደፍ ብተፎጥርኡ ምስ ተደሰቕምበር ብዘተ ዘፈትሖ ጉዳይ ስለዘየሎ፣ ንዘየሎ ከነምጽእ ኣብ ሕልሚ ኣይንነብርን። መንግስቲ ኤርትራ ንባዕሉ ኩልና ከምእንፈልጦ ግዚያዊ መንግስቲ እምበር ቀዋሚ ሃገራዊ መንግስቲ ኣይኮነን። ኣብ ናይ ሕቡራት ሃገራት መዝገብ ከምዝምስክሮ ግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ'ዩ። ቀዋሚ ክኸውን ሕጊ ቅዋሙ ተግቢሩ ስልጣኑ ንህዝቢ ኣረኪቡ ሃገራዊ ምርጫ ምስዘካይድ ጥራሕ'ዩ። ብሰንኪ ስንፍናናን ሓቢርና ድምጽና ብዘይምስማዕና እነሆ ኣብ 1997 ክትግበር ዝነብሮ ቅዋም ኣይተተግበረን፣ ን20 ዓመት ግዚያዊ እንዳተባህለ ንመንግስቱ ሃይለማርያም ቀዲሙዎ። መባእታዊ ሰብኣዊ መሰል ወዲሰብ ዘይክበረላ መሰል ናይ ሓሳባትካ ምግላጽ፣ መሰል ነጻ ፕረስ፣ ይሕመቕ ይጸብቕ ኣሜን ናይ ምባል እምበር ናይ ምቅዋም መሰል ዘይብልና ብሓፈሽኡ ምስናይ መግዛእቲ ወሲኽካ ድሕሪ ፈደረሽን ምፍራሱ ንዝሓለፈ 50 ዓመታት ንፍርቂ ዘመን ዝኣክል መሰሉ ተጋሂሱ'ዩ ዝነብር ዘሎ እንተበልናስ ምግናን ኣይኮነን። ሃገር ኣብ ክንዲ ንምዕባለ ንጎደና ንሲንጋፑር ኢሎም ንጸድፊ ዓርበ-ረቡዕ ንጥፍኣት እንዳ ኣምርሔት ሃገራዊ መንግስቲ'የ ዝብል ንናይ ገዛእ ርእሱ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነ ንኹሉ ምሕጽንታታት ናይ ዓለም ጸማም እዝኒ ሂቡ፣ ካብ ዓለም ተነጺሉን እገዳ ተጌሩሉን ንጎረባብቲ ሃገራት ሰላም ምኽላእሲ ንመን ረብሓ'ዩ? ናይ ገዛእ ሃገርካ ህዝቢ ከተዔንግል ዘይከኣልካን ነታ ዝርካባ ሓንቲ ዩኒቨርስቲ ዓጺኻን ንዝተቓወሙ መእሰሪ 50 እስርቤታት ምኽፋትን ንናይ ጎረባብቲ ሃገራት ተቓወምቲ ወደባት ከም ናይ ጎንደር ኣርበኞች፣ ናይ ትግራይ ተቓወምቲ፣ ናይ ኦጋዴንን ኦሮሞን፣ ንናይ ሶማል ተቓወምትን ንናይ መራኸብ ከተርትን፣ ንናይ ጅቡትን ንናይ የመን ተቓወምትን ምሕጋዝሲ ንመን ረብሓ'ዩ? ህዝበይ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ኣይኮነን ንናይ ወልቀ መላኺ ረብሓ'ዩ። ምእንቲ ሓደ ውልቀሰብ ክረብሕ ሃገርን ህዝብን እንዳተሸመመ ሱቕ ኢልካ ምርኣይን እንታይ ገደሰኒ ምባልን  ካልኣት ለውጢ ከምጽኡልካ ምጽባይ መፍትሒ ስለዘይኮነ "ንሓደ ዓመት ከይጸማ መዋእለን ይጸማ " ከይንኸውን ኣብዚ ሓዲሽ ዓመት ሽጋራ ክገድፎ'የ መስተ ክገድፎ'የ ጥራይ ዘይኮነ " ሓቂ ክዛረብ'የ ኣብ ቅድሚ ሓቂ ጠጠው ኢለ ክሙጉት'የ" ኢልና መብጽዓ ክንኣትው፣ ህዝቢ ኤርትራን ፈተውቱን ቅዋም ተተግቢሩ ቅዋማዊ መንግስቲ ክትክል ኩልና ብሓደ ድምጺ መብጽዓ ክንኣትውን ኣብ ወሽጥን ወጻእን ድምጽና ከነስምዕ ንጠልብ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!!

ሕጊ ቅዋም ይተግበር ብዘይ ውዓል ሕደር!!!

ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ